# ስርሒት ፈንቅል ! ብብርዕን ልሳንን እቶም ዝተሳዕሩ ፡ ሕልሚ ገዛእቲ ፡ ዝሰበረ ስጉምቲ !

ተርጉም ብመድሃኔ ተስፋኣለም

2ይ ክፋል ፡

`^^ እቲ ዝነበረ ውግእ፡ካብ ቅድሚ ሕጂ ዝተኻየዱ ውግኣት ዝተፈልየ'ዩ ነይሩ`^^፡

^^ መከናይዝድ ምስ መከናይዝድ ፣ ኮማነዶ ምስ ኮማንዶ ፣ ታንክ ብ ታንክ ፣ ከበድቲ ኣጽዋር ምስ ከበድቲ ኣጽዋር ብኣጠቓላሊ ክግለጽ እንተድኣኮይኑ ፡ ኣብ 2ይ ኩናት ዓለም ፡ ናይ ናዚ ጀርመንን ሶቭየት ሕብረትን ፡ ናይ ሂትለርን እስታሊንን ንምግላጽ ተባሂሉ ዝተቖርጸ ፊልም ይመስል ^^ ፡ ፊልም ግን ኣይኮነን ፡ ብሓቂ ዝተፈጸመ ደማዊ ኲናት እዩ ፡ ብጣዕሚ ከቢድ ኲናት !

ካብ ዝሓለፈ 1ይ ክፋል ፡

እዚ ክስተት እናሃለወ ፡ ብዝተጠቕሰ መዓልቲ ሻዕብያ ብጸጋማይ ጎድኒ ብትኣምር ቅልጣፈ ን 1.6.82 በራጊድና ደምሲሱ ንእምበረምን ወቒሮን ዝተባህለ ቦታታት ክቆጻጸረን ክኢሉ ፡ ቀጺሉ ሻዕብያ ን 2.ን 6ን .82ን በራጊድና ብሰለስተ ምኣዝን መጥቃዕቲ ጀሚሩለን ፡ ከምኡውን 1ይ ኣብ ዶጋሊ ዝርከብ 2ይ ኣብ ደንጎሎ ፡ 3ይ ኣብ ጎርጕሱም ዝርከባ ወትሃደራዊ መዓስከራትና መጥቃዕቲ ብምፍናው ፡ ብከፊል ክቆጻጸረን ጀመረ ፡ ድምር ናይዚ ውጽኢት ፡ ንምጽዋዕ ኣብ ናይ ምልክት ሕቶ ክትኣቱ ኣኽኢሉዋ ፡

ኣብ ፎሮ ዝነበረ መበል 27 መከናይዝድ ብርጌድ ንኸሕግዝ ምጽዋዕ መጺኡ ኣብቲ ናይዶጋሊ ዝነበረ ደማዊ ኲናት እጃሙ ከበርክት ክኢሉ'ኳ እንተኾነ ግን ሓሳቡ ክሰምረሉ ኣይክኣለን ፡ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ንከቢድ ክሳራ ተቓሊዑ ፡ እዚ እናኾነ መበል 27 መከናይዝድ ብረጌድ ዝተረፈ ሓይሉ ኣኻኺቡ ናይ ምክልኻል ዓቕሚታቱ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ፡ ሻዕብያ ፡ ብዝሓየለ መልክዑ መጥቃዕቲ ብምፍናዉ ንምጽዋዕ ክሳብ 10 ኪሜ ዝተርፎ ንኹሉ ቦታታት ክቆጻጸር ክኣለ ፡ ስለዚ ብወገንና እቲ ክግበር ዝክኣል ዝነበረ እንኮ ኣብ ክሊ ምጽዋዕ ኮይንካ ምክልኻል እዩ ነይሩ ፡

ኣብ ዝቐጸለ ምሸት ብወትሃደራዊ ኣቆጻጽራ ልክዕ ሰዓት 20፡00 ድ.ቀ. ናይ ሻዕብያ ሓይሊ ባሕሪ ፡ ቅድሚኡ ርኢናዮ ዘይንፈልጥ ትኣምራታዊ ኩናት ኣንጻር ናይ ኢትዮጵያ ሓይሊ ባሕሪ ገጠመ ፡ ብዝትኮስ ዝነበረ ከበድቲ መሳርያ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ቀትሪ ተለወጠ ፡ ብጣዕሚ ዘሰንብድ ተርእዮ ነይሩ ፡ እቲ ኩናት ከባቢ ሰዓት 22፡00 ናይምሸት ጠጠው ምስበለ ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝኾነ ዓይነት ድምጺ ብዘይምንባሩ ዘፍርሀ ናይ ጸልማት ኩነታት እዩ ነይሩ ፡

ንጽባሒቱ ዕለት 09.02.1990 ኤ.ኣ ፡ ኣብ ክሊ ምጽዋዕ ዝተኻየደ ኩናት ፡ ካብ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝተኻየዱ ኩናት ኣዝዩ ዝተፈለየ እዩ ነይሩ ፡^^ <u>መከናይዝድ ምስ መከናይዝድ ፣ ኮማነዶ ምስ ኮማንዶ ፣ ታንክ ብ ታንክ ፣ ከበድቲ ኣጽዋር ምስ ከበድቲ ኣጽዋር ብኣጠቓላሊ ክግለጽ እንተድኣኮይኑ ፡ ኣብ 2ይ ኩናት ዓለም ፡ ናይ ናዚ ጀርመንን ሶቭየት ሕብረትን ፡ ናይ ሂትለርን እስታሊንን ንምግላጽ ተባሂሉ ዝተቖርጸ ፊልም ይመስል ^^ ፡ ፊልም ግን ኣይኮነን ፡ ብሓቂ ዝተፈጸመ ደማዊ ኩናት እዩ ፡ ብጣዕሚ ከቢድ ኩናት</u> ! እቲ ብዓቕመይ ክገልጾ ዝኽእል እዚ ኮይኑ ፡ ብወገን ሰራዊትና እቲ ናይመጨረሽታ መስዋእቲ ንምኽፋል ፡ ብወገን ሻዕብያ'ውን እንተኾነ ፡ ዝኸፈል መስዋእቲ ከፊሉ ንመጽዋዕ ምቁጽጻር ብክልቲኦም ወገናት ሓያል ኩናት ተኻየደ ፡ ሻዕብያ ንመዛግብ ሓይሊ ባሕሪ ንምቁጽጻር ፡ ብወገንና ንምክልኻል ናይ ከቢድን ፎኪስን መሳርያ ጠያይት ከም ማይ ኣይሂ ዘኒቡ ፡ብወገንና ከቢድ ጉድኣት

# ስርሒት ፈንቅል ! ብብርዕን ልሳንን እቶም ዝተሳዕሩ ፡ ሕልሚ ገዛእቲ ፡ ዝሰበረ ስጉምቲ !

ተርጉም ብመድሃኔ ተስፋኣለም

*ክወርደና ክኢሉ ፡ ዕጫ ሰራዊትና ሬሳ ኣብልዕሊ ሬሳ ተጻፋፊፉ ፡ ኣብ መወዳእታ ሻዕብያ ብክልተ ወገን ፡መጥቃዕቲ ኣካይዱ ፡ ኣብንግሁኡ ሰዓት 8፡00 ቅ.ቀ. ፎርቶ ተቖጻጺሩ ዕርድና ሰቢሩ ንውሽጢ ክኣቱ ክኢሉ ፡ድሕሪ'ዚ ክስተት ፡ ሰራዊትና ኣብክልተ ተኸፊሉ ፡ እቲሓደ ክፉል ንመደበር ሓይሊ ባሕሪ ፡ እቲ ካልኣይ ክፉል ክኣ ንውሽጢ ከማ ምጽዋዕ ኣትዩ ፡ ሻዕብያ ንግሆ ሰዓት 9፡00.ቅ.ቀ. ምምሕዳር ናይ 6ይ ክ/ጦ ተቖጻጺሩ ፡ እዚ ማለት ሻዕብያ 85% ንምጽዋዕ ተቖጻጺርዋ ፡*

*ኩናት ብዝሓየለ መልክዑ ቀጺሉ ፡ ሻዕብያ ብመጀመርታ ደረጃ ክቈጻጸሮ ዝደለየ እንተነይሩ ፡ መደበር ሓይሊ ባሕሪ ስለዝነበረ ፡ ንምቁጽጻሩ ኣብ ግራር ዝተባህለ ቦታ ሓያል ኲናት ተኻይዱ ፡ ብወገን ሰራዊትና ክግለጽ እንተድኣ ኮይኑ ፡ ብቕድሚት ሻዕብያ ብድሕሪት ቀይሕ ባሕሪ ኣብ መንጎ ተቖርቂሩ ኣብ ወጥሪ ስለዝኣተወ ፡ ናይ ሞትን ህየትን ብምንባሩ ነብሱ ንምድሓን ሓያል ምክልኻል እናኣካየደ መሬት ስለዝመሰየ ኲናት ንግዚኡ ኣዕሪፉ ክበሃል ይከኣል ፡*

*እንተኾነ ብወገን ሻዕብያ ኣብ ከባቢ ሰዓት 22፡00 ናይለይቲ ሓድሽን ዘርዕድን ዘደንቕን መጥቃዕቲ ተኸፍተ ፡ ብዘይምግናን ኣብ ሓደ ደቒቕ ልዕሊ 200 ናይ መዳፍዕ ቦምባ ፡ ኣብ መደበር ሓይሊ ባሕርን ኣብ ከተማ ምጽዋዕን እናኣውደቐ ፡ ሻዕብያ ንሓይሊ ባሕርና ከዳኽሞ ክኢሉ ፡ ኣብ ዕለት 10.02.1990 ካብ ባሕሪ ይኹን ካብ መሬት ዝውንጨፍ ዝነበረ ከበድቲ ኣጽዋር ፡ ዕርዲ መደበር ሐይሊ ባሕርና ምሉእ ብምሉእ ፈሪሱ፡ ነባር ወትሃደራዊ ዕርዲ ዘይኮነስ ፡ ንገዛውቲ ክትሰርሓሉ ዝኣከብካዮ ኩምራ ኣእማን መሲሉ ፡ ብጣዕሚ ዘስካሕክሕ ተርእዮ ብወገን ሰራዊትና ተራእዩ ፡ ሻዕብያ ከቢድን ናይ መወዳእታ ብኮማንዶ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሌና ፈጺሙ ፡ እዚ ኢድ ብኢድ ዝተኻየደ ደማዊ ኲናት ፡ ጠያይት ተወዲኡ ፡ ብደናጉላን ብኣባትርን ኣብ መወዳእታውን በካረሩ ዝተኻየደሉ ኲናት ንስዕረትና ዘይተርፍ ብሉጻት ኣሕዋትና ዝኸፈልናሉ ካብ ዝኸረይ ዘይሃስስ እቲ ዘሕዝን ስእሊ እዩ ፡ ሻዕብያ ተደራቢ ሓይሊ ብምውሳኽ ብዘደንቕ ቅልጣፈ ፡ ንመደበር ሓይሊ ባሕሪ ምሉእ ብምሉእ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ. ክቆጻጸር ክኢሉ ፡ ኣብዚ ሰዓት እዚ እምበኣርዩ ፡ ብ/ጀ ጥላሁን ክፍለ ፡ ብ/ጀ ዓሊ ሓጂ ዝተማረኹ ፡ ካልኦት ሰራዊትና እቲ ዝተማረኸ ተማሪኹ ኣይማረኸ'የ ዝበለ ክኣ ምስ ምሉ ዕጥቁ ንቀይሕባሕሪ ተወርዊሩ ብእታው ፡ ቀለብ ዓሳ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ኮይኑ ፡ እቲ ክሃድም ዝኸኣለ ክኣ ንወደብ ምጽዋዕ ክሰጋገር ክኢሉ ፡*

**ኣብ 3ይ ናይ መወዳእታ ክፋል ይቕጽል**